ብቱ ጊዜ'ቱይ ኗል ኣንስተይቲ ብስም ሞተት ሕነ ይፍደየላ አይነበረን፣ ንብረት ወለዲ እንክማቐሉ ምስ ኣኅዋታ ትማቐል አይነበረትን። ከምዙይ እናሃለወ፡ እንካብ ዓሌት ዖቕባገርግስ (ኃው ጋዳሩማ) ብሩር እትበሃል ኗል ሓይላት ናብ ሓዞ ኣቲያ ዓሊ ዝበሃል ሰብኣያ ብእምኒ ሑቐኣ ወቒዑዋ ሞተት። ሠለስተ ኣኅዋታ (ዖቕባገርግስን ተስፋገርግስን ዘገርግስን) ብርቱዓት ስለዝነበሩ ሓንቲ ኃፍቶም ብሰብ ምስ ሞተት ሕነ ክፈድዩ ደለዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ሥሪት ስለዘይነበረ ንዓሌቶም ፈርሑ። ስለዙይ ኣቐዲሞም ከሐግጉ ወሰኑ። እቶም ሕጊ (ሥሪት) ዘውጽኡ፡ መጀመሪያ ኣብ "ማንጋሎ"፡ ድኃር ግን ኣብ "ሓንታካር" በብጊዜኡ ይራኸቡ ስለዝነበሩ ኣብ መዓልቲ ቆጸራኦም ናብቱ ቦታ መጹዎም፣ "ኗል ኣንስተይቲ ተቐቲላ ሕነ ኣይትርከብ፡ ንብረት ኣይትመቐል ዝብል ሕጊ፡ ብኣርኣያ ሥላሴ ዘይተፈጥረት እንስሳ ኮይና ዲያ ወይስ ብዘይምስትውዓል ኢኻትኩም ዝሓገግኩም?" ዝብል ሕቶ ኣቕረቡሎም ይበሃል። ሻዑ ንኣታቶም ቆፀሮ ሂቦም፣ ንቱ ጉዳይ ብምጽናዕ ዓቢይ ጌጋ ከምዘለዎም ኣሚኖም "መሰላ ከም ናይ ሰብኣይ ይተሓለወላ፡ ሕነ ይፈደየላ፡ ንብረት ወለዲ ትመቐል" ዝብል ሕጊ ኣብ ሥሪት ኣስፈሩ። ሕነ ሓፍቶም ከዓ ክፈድዩ ከኣሉ።

እዙ ሥሪት ብመሠረቱ ኣብ ሕብረተሰብ ዕቤት ዋጋ ወድሰብ ዘረድእን ዘኽብርን፡ ገበን ዝቕንስ፡ ሥርዓትን ሕግን ዘስፍንን ዘጠናክርን ስለዝነበረ ንሥርዓታውነትን ምዕብልና እቱ ሕብረተሰብን ዓቢይ ኣበርክቶ ዝገበረ ኢዩ።

ቅድም ኢሉ ከምዝተገልፀ፡ ሕዝቢ ኢሮብ መብዝኅቶኡ ካቶሊካዊ ሃይማኖት ዝኽተል እንክኾን፡ ሃይማኖቱን ነፃነቱን በብመንገዱ ሓሊዩ ብኢትዮጵያዊነቱ ዝኾርዕ ሕዝቢ ኢዩ። ንኣብነት ኣብ ጊዜ ወራር ፋሺሽት፡ ጣልያን ንኢትዮጵያ ክወርር እንከሎ ብስም ሃይማኖት ምንም'ኳ ምስ ጣልያን ብሃይማኖት ሓደ እንተነበረ ብስም ሃይማኖት ምስ መላእ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ወገኑ ኢትዮጵያዊነቱ ኣየዕበረን፣ ምስ መላእ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ወገኑ ብቐዳምነት ተሰሊፉ ኢዩ ምእንቲ ሃገሩ ደሙ ዘፍሰሰ። እዙ ሕዝቢ እዙይ፡ ብዝበዝሕ ናይ ካቶሊካዊ ሃይማኖት እምነት ዝኃዘ ብምንባሩ፣ ብላዕለዎት ገዛእቲ መደብ ባዕሉን ካህናቱን ብዙኅ ጸቕጥን ስደትን ዝገጠሞን፡ ብተደጋጋሚ ቤተ ክርስቲያኑ ዝተቓጸሎን፡ ጥሪቱ ዝተዘምተን ሕብረተሰብ እዩ ዝነበረ። እንተኾነ ግን፡ ከምቱ ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ዝርከብ፡ ፍጹም ፍቕሪ ሃገር ስለዝነበሮ ኣብ ጊዜ ባዕዳዊ ወራር፡ ወጽዓኡ እንከይጠመተ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክብሪ ነፃነት-ሃገር



ንምዕቃብ ኣብ ዝተገብሩ ውግኣት ብብዙኅ ወነ ዝተሳተፈን ብሓርበኝነት ዝተዋደቐን ሕዝቢ ኢዩ። ንኣብነት፡- ስንቁን ዕጥቁን ኂዙ ከይዱ፡ ብሓፀይ ዮሓንስ ምስ ግብጺ ኣብ ጉንደትን ጉራዕን ምስ ራእሲ መንገሻ ኮይኑ ምስ ጣልያን ኣብ ኲዓቲት ንሃገሩን ንባንዴራኡን እናተኸላኸለ ዝተዋደቐ ኢዩ። ኣብ ኲዓቲት ዝወደቑ'ኳ ካብ ብዙኃት ዓሊን ዓዶዑመርን ዝተበሃሉ ጀጋኑ ብስም ክጥቀሱ ይከኣል። ከማኡ'ውን ኣብ ውግእ ዓድዋ ከም ኵሎም ኢትዮጵያውያን ወገናቶም ምስ ሓፀይ ምንሊክ ተሰሊፎም እተዓወቱ ኢዮም። ካቶሊካዊ ሃይማኖት፡ ኣብ መሠረታዊ መሰልን ሓቅን ማዕርነትን ዝተመሥረተ ነፃነትካን ዜግነታዊ ግቡእኻን ናይ ምኽባርን ናይ ምፍጻምን ጽኑዕ ዝኾነ ሞራላዊ ትምህርቲ ዘስርፅ ሃይማኖት ኢዩ። ንኣብነት፡ ዶ/ር ኣባ ሓጐስ ፍሡሕ ዝተብሃሉ ከም ሰባኺን መምህርን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ደሴን የገልግሉ ዝነበሩ ካቶሊካዊ ካህን ወዲ-ኣባት ኢሮብ (ዳውሃን)፡ ጣልያን ንኢትዮጵያ ብወራር ኂዙ ኣብ ዝነበረለን ዓመታት፡ ሃገሮም ኣብ ፀልማት ባዕዳዊ መግዛእቲ ከም እትርከብ ናይ ኃዘኖም ምልክት፡ ኣብ ገዛኦም ምሸት ሽምዓ እንከየብርሁ ከምዝሓለፉ ይንገር። ከማኡ'ውን መምህር ኪዳነማርያም ገብረሕይወት ዘደብረ ዓባይ፡ <u>ርትዕት ሃይማኖቶሙ ለቅዱሳን ኣበዊነ</u> ኣብ ዝተብሃለ መጽሓፎም ንዙ ሓቂ ዝድግፍ ትዕዝብቶም ብሰፊሑ ገሊፆምዎ ይርከብ። ትኅዝቶኡ እውን ከምዙ ዝስዕብ ኢዩ። 'ንሕና ንካቶሊካውያን ኣኅዋትና ብስም ካቶሊካዊ ሃይማኖት ኣይንጸልኣምን ኢና፣ ምኽንያቱ ምንም'ኳ ካቶሊካውያን እንተኾኑ ሃይማኖት ናይ ግሊ ሃገር ግን ንኵሉን ናይ ኵሉን ስለዝኾነት ካብ ኢትዮጵያዊ ዜግነቶም ድኅር ከይበሉ፡ ምእንቲ ኢትዮጵያ ሃገሮም ብቈራፅነት ከምዝተቓለሱ ኣረጋጊፀ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ንኣብነት፡ ፋሺሽት ጣልያን ንኢትዮጵያ ሃገርና ክወራ እንከሎ ኣብ ኢየሩሳሌም ምሳይ ዝነበሩ ካቶሊካውያን ካህናት፡ ክቡር ኣባ ተስፋሥላሴ ወልደገሪማ፡ ክቡር ኣባ ኣጽብሓ ተስፋይ፡ ክቡር ዶ/ር ኣባ ገብረኢየሱስ ኃይሉ፡ ለይትን ቀትርን ብብኽያት ምእንቲ ሃገሮም ይቃለሱ ከምዝነበሩ እፈልጥ ኢየ' ብምባል ኣስፊሖም ገሊፆምዎ ኣለዉ። እምበኣር ከስ፡ ሕዝቢ ኢሮብ ብብዝኂ ካቶሊክ ምኟኑ፡ ንኽብሪ ሃገሩ ንነፃነቱ ንመሬቱን ንዜግነቱን ኣጸቢቑ ክፈቱን ክሕሉን ካብ ምግባር ንደኃር ዘየበሎ፡ እኳ ድኣ ኣጸቢቑ ዘበራተዖን ዘጠናኸሮን ናይ መንፈስን ናይ ተግባርን ባህሉ ኢዩ።

ሕዝቢ ኢሮብ ነፃነት-ሃገሩ ዘየድፍር ከምዝነበረ ዝገልፅ ካልእ ተወሳኺ ኣብነት'ውን ምጥቃስ ይከኣል ኢዩ፡- ኣይተ ሓሊቦ ወልደ ዝበሃሉ ሓደ ባላባት፡ ተራ ዘይተምሃሩ ውልቀሰብ እናሃለዉ፡ ወራሪ